# ኢሳይያስ 57

15 ስለዚ እቲ ንዘለኣለም ዚነብር ልዑልን ዕዙዝን ቅዱስ ዝስሙን ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ኣብቲ ልዑልን
ቅዱስን ስፍራ እነብር ኣሎኹ፡ ግናኸ ንመንፈስ ትሑታት ህያው ክገብር፡ ንልቢ ድቑሳት ከኣ ህያው
ክገብሮስ፡ ምስቲ ድቑስን ትሑትን መንፈስ ዘለዎ ሰብ ድማ እነብር ኣሎኹ።
16 ንዘለኣለም ኣይክብኣስን፡ ንሓዋሩ ኸኣ ኣይክቝጣዕን እየ። እንተ ዘይኮነስ እተን ዝፈጠርክወን
ነፍሳትን መንፈስን ኣብ ቅድመይ ምተሐለላ።
17 ብሰሪ ኣበሳ ንፍገቱ እየ እተቘጣዕኩን ዝወቓዕክዎን፡ ተሐባእኩ፡ ተቘጣዕኩ ድማ፡ ንሱውን ዓልዩ
ብመገዲ ልቡ ኸደ።
18 መገድታቱ ርኤኹ፡ ከሕውዮን ክመርሖን እየ፡ ንእኡን ንኡህያቱን ከኣ ምጽንናዔይ ክመልሰሎም
እየ።
19 ኣነ ፍረ ኸናፍር ክፈጥር እየ፡ ሰላም፡ ሰላም ነቲ ኣብ ርሑቕን ኣብ ቀረባን ዘሎ ይኹን፡ ኣነውን
ከሕውዮ እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር።

# 1ይ ጴጥሮስ 5

6 ደጊም ብጊዜኡ ንሱ ልዕል ምእንቲ ኼብለኩም፡ ኣብ ትሕቲ እታ ጽንዕቲ ኢድ ኣምላኽ ትሕት በሉ።
7 ንሱ ይሓልየልኩም እዩ እሞ፡ ንዅሉ ሓልዮትኩም ኣብኡ ኣውድቕዎ።
8 ድያብሎስ፡ እቲ መጻርርትኹም፡ ዚውሕጦ ደልዩ ኸም ዝኣዝም ኣንበሳ ኹይኑ ይዘውር ኣሎ እሞ፡
ተጠንቀቑ፡ ንቕሑ።
9 እዚ ሓሳረ መከራ እዚ ነቶም ኣብ ዓለም ዘልዉ ኣሕዋትኩም ይበጽሖም ከም ዘሎ እናፈለጥኩም፡
ብእምነት ጸኒዕኩም ተቓወምዎ።
10 እቲ ብክርስቶስ የሱስ ናብ ናይ ዘለኣለም ክብሩ ዝጸወዓኩም ኣምላኽ ኵሉ ጸጋ፡ ቅሩብ ጊዜ ሓሳረ
መከራ ምስ ጸገብኩም፡ ንሱ ክፍጽመኩም፡ ከበርትዓኩም፡ ክስርተኩምውን እዩ።
11 ንዘለኣለም ኣለም ንእኡ ኽብርን ስልጣንን ይኹን። ኣሜን።

# ሉቃስ 15

1 ኵሎም ተገውትን ሓጥኣንን ኪሰምዕዎ ናብኡ ቐረቡ።
2 ፈሪሳውያንን ጸሓፍትን ድማ፥ እዝስ ንሓጥኣን ደኣ ይቕበል ምሳታቶምውን ይበልዕ፡ ኢሎም
ኣጕረምረሙ።
3 እዚ ምስላ እዚ ኸኣ መሰለሎም፡ ከምዚ ኢሉ፥
4 ካባኻትኩምከ ሚእቲ ኣባጊዕ ዘለዋኦ እሞ ካባታተን ሓንቲ እንተ ጠፍኣቶስ፡ ነተን ተስዓን ትሽዓተን
ኣብ በረኻ ዘይሐድግ፡ ክሳዕ ዝረኽባውን ነታ ዝጠፍኤት ክደሊ ዘይከይድ እንታዋይ ሰብኣይ እዩ፧
5 ምስ ረኸባ ኸኣ፡ እናተሐጐሰ ኣብ መንኲቡ ይሕንግራ።
6 ናብ ቤቱ ምስ ተመለሰ ድማ፡ ነዕሩኹን ንጐረባብቱን ብሓደ ጸዊዑ፥ ነታ ዝጠፍኤትኒ በጊኤይ ረኺበያ
እሞ፡ ምሳይ ተሐጐሱ፡ ይብሎም።
7 ከምኡ ኸኣ ንስሓ ኻብ ዘይደልዩ ተስዓን ትሽዓተን ጻድቃንሲ፡ ብሓደ ዚንሳሕ ሓጥእ ኣብ ሰማይ
ሓጐስ ኪኸውን እዩ፡ እብለኩም አሎኹ።
8 ወይስ ኣየነይቲ ሰበይቲ እያ፡ ዓሰርተ ድሪም ዘለዋ፡ ሓንቲ ድሪም እንተ ጠፍኣታ፡ መብራህቲ
ዘይተብርህ ቤታውን ዘይትኵስትር፡ ክሳዕ እትረኽባ ኸኣ ኣጸቢቓ ዘይትደሊ፧

9 ምስ ረኸበታ ድማ፥ እታ ዝጠፍኣትኒ ድሪመይ ረኺበያ እሞ፡ ምሳይ ተሐጐሱ፡ ኢላ ነዳኖታታን
ንጐረባብታን ትጽውዔን።
10 ከምኡ ድማ ብሓደ ዚንሳሕ ሓጥእ ኣብ ቅድሚ መላእኽቲ ኣምላኽ ሓጐስ ይኸውን እዩ፡ እብለኩም
አሎኹ።